tigrinya

ptz
psychomotorik-
therapie



# ፕሲይኾ–ሞቶር‘ ዝበሃል ዓይነት ፍወሳ

PMT

## ፐሲይኾ-ሞቶር‘ ዝበሃል ዓይነት ፍወሳ

ሓደ ሓደ እዋን፣ ቆልዑት ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ባህርያቶም ዝይንቡር ኣካላዊ ጸገማት የርእዩ፣ ማለት ካብ ንቡር ወጻኢ ዝኾነ መስርሕ ናይ ምንቅስቓስ፣ የጋጥሞም ኢዩ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፣ ኣብ ናይ ምንቅስቓስ ባህርያቶም ይኹን ኣብ ናይ ምግላጽን ምምሃርን ዓቕምታትን ውሱናት ይኾኑ። ዝበዝሕ እዋን ድማ ውሑድ ርእሰ ተኣማምነት ዘለዎም ይኾኑ። ኣብ ገለ እዋናት ድማ፣ መደብ ከገብሩን ዝመደብዎ ክፍጽሙን የጸግሞም ወይ ድማ ዝወጠንዎ ንምትግባር ይሸገሩ። ብዙሕ ግዜ፣ ኣዕሩኽ ንምጥራይ ይኹን ሕድገታት ኣብ ናይ ምግባር ዝግበር ምርድዳእ ወይ ምምይያጥ ኣሸጋሪ ኮይኑ ይረኽብዎ።

እዚ ,ፐሲይኾ-ሞቶር‘ ተባሂሉ ዝፍለጥ ዓይነት ፍወሳ፣ ትምህርታዊ ኮይኑ፣ እብ ደረጃ ዕቤቶም ጸገማት ዘለዎም ህጻናት ፣ ማለት ጸገማት ኣብ ምንቅስቓስ  ደረጃ ዕቤቶም ብግሉሕ ክርአ ኣብ ዝጀመረ፣ ቆልዑት ዝወሃብ ኣገልግሎት ኢዩ።

ነዚ ናይ ,ፐሲይኾ-ሞቶር‘ ኣገልግሎት ንምርካብ፣ ደገፍ መወከሲ ካብ ሓኪም የድሊ።

## መብርሂ

**ኣብ ውላድኩም ዝኾነ ዘይኑቡር ነገር እንተደኣ ተዓዚብኩም፣ እዚ መብርሂ ናይ ,ፐሲይኮ-ሞቶሪሽ‘ ፍወሳ፣ መረዳእታ ወይ ድማ መብራህርሂ ክህብ ይኽእል ኢዩ።**

- ጉሉሕ (ወይ ዝርአ) ጸገም ናይ ሚዛን ምሕላው ይኹን ጉድለት ናይ ምውህሃድ ወይ ድማ ምስምማዕ ነገራት ኣብ ዘይክእለሉ (ዓቕሚ ምስ ዝሓጽር)
- ጸገም ናይ ስእሊ ምስኣል፣ ምጽሓፍ፣ ከምኡ እውን ዝኾነ ናይ ብኢድ ዝሥራሕ ሥራሓት ዘይምኽኣል
- ትሑት ርእሰ-ምትእምማን ምስ ዝህሉዎ፣ ናይ ፍርሒ ባህርያት ምስ ዘርኢ፣ ዕሽላዊ ባህሪ ኣብ ዘይግብኦ እዋናት ምስ ዘንጸባርቕ
- ምስ ካልኦት ቆልዑት ርክብ ኣብ ምግባር ወይ ዝምድና ኣብ ምፍጣር ምስ ዝጽገም
- ዕረፍቲ ዘይምህላው፣ ረባሺ ዝኾነ ባህሪ ምርኣይ፣ ሕግታት ወይ ትእዛዛት ኣብ ምፍጻም ዝሽገር ምስ ዝኸውን

**ናይ ,ፐሲይኾ-ሞቶሪሽ‘ መብርሂታት ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ኣገልግሎት ዘጠቓለሉ ኢዮም።**

- ደረጅኡ ዝሓለወ ወግዓዊ ናይ ሞቶር (ምንቅስቓስ) መርመራ
- ትዕዝብቲ ኣብ ብፍሉይ ዝተዳወ ዕማም ወይ ዕዮ ሥራሕ ዝግበር ምንቅስቓስ
- ነጻ ናይ ምጽዋት ሃዋሁ ወይ ኩነታት
- ብዛዕባ ሕሉፉን ህልው ኩነታትን ምዘታይን ምምይያጥን

ኣብዚ መብርሂታት እዚ ብምምርኳስ ድማ፣ ምስ ወለዲ ብምኽኻን ብሕብረይት ኣድላዪነት ናይ ፍወሳዊ ሓገዝ ክውሰን ይከኣል ኢዩ።

## ፍወሳ ‚ፐሲይኾ-ሞቶር‘፥ ምጽዋት፣ ሓሳባት ምግላጽ፣ ነገራት ምምስራሕ ወይ ምዕያይ

ተልእኾ ወይ ዕማም ናይዚ ‚ፐሲይኾ-ሞቶር‘ ፍወሳ እዚ፣ ብቐንዱ ኣብቲ ናይቲ ቆልዓ ውልቃዊ ፍረ-ነገር (ወይ ኣርእስትታት) ምዕባሌ ወይ ዕቤት፣ ኣብ ውልቃዊ ባህሪ ናይ ምጽዋትን ምንቅስቓስን፣ ኣብ ዘለዎ ብርትዐን (ሓይሊን)፣ ምስ ከባቢኡ ዘለዎ ዝምድናን ርድኢትን ዘተኮረ ኢዩ።

ኣብዚ  ናይ ‚ፐሲይኾ-ሞቶር‘ ፍወሳ እዚ፣ ብዘነቓቕሑ ሐገዛት፥ ከም ናይ ምንቅስቓስ፣ ጸወታታት (ዝተፈላለዩ ዓይነት ጸወታታት)፣ ሙዚቃ፣ ፍሉይ ነገራትን ሓሳበት ንምግላጽ ዝጠቕሙን መሃዝነት ዘማዕብሉ ነገራት ጌርና ኢና እንሰርሕ። በዚ ከምዚ ዝበለ ኣገባብ ድማ፣ እቲ ቆልዓ ዘለዎ ዕቑር ዓቕምን ድሩትነትን፣ ኣብ ውሑስ ወይ ድማ ሕሉው ዝኾነ ኣከባቢ ኮይኑ ንምፍታሽን ንምልላይን ይኽእል ማለት ኢዩ። ከእለቱ ወይ ዘለዎ ሞያ ከም ዘማዕብልን፣ ንዘለዎ ጸገማት ድማ ከመይ ጌሩ ከፈትሕ ወይ ከብድሆም ከምዘለዎ ይመሃር።

እቲ ቆልዓ፣ ብምንቅስቓስን ብናይ ምልከታት ዝጽወት ዓይነታት ጸወታታትን ተሓጊዙ ድማ፥ ተሞኩርኡ፣ ስምዒታቱን፣ ዘለዎ ዘይምስናይ ወይ ጎንጽታትን ከገልጽን ከሰላስልን ከም ዘለዎ ይምሃር።

ቆልዑት ነዚ ናይ ፐ‘ሲይኾ-ሞቶር‘ ፍወሳ እዚ፣ ብውልቖ ይኹን ብንኣሽቱ ጉጅለታት ክሳተፍዎ ይኽእሉ ኢዮም።

## እቲ ቆልዓ ነዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ሓገዛት ይረክብ

- ኣብ ‘ግሮብ( ተሪር ኣከላዊ መንቅስቓስ )‘፣ ‘ፋይን (ፈኪስ ናይ ኢድ ኣከላት ምንቅስቓስ)‘፣ ከምኡ‘ውን ኣብ ስእላዊ  ምንቅሳቓስ ‘ሞቶር‘፣ ናይ ምንቕስቓስ ብቕዓት ከም ዘርኢ ወይ ከም ዘማዕብል ይኽውን
- ስምዒታት ናይ ኣካላትን ግንዛቤ ወይ ኣቓልቦ ናይ ህዋሳዊ ንምፍላይ ምኽኣል
- ሽግራት ኣብ ምፍታሕን፣ ግብራውነትን፣ ምስ ነገራትን ዝህልዎ ኣቀራርባን ኣመለኻኽታን፥ ሓደስቲ ሜላታት ኣብ ምምዕባልን መፍትሒ ኣብ ምንዳይ ሃሰው ምባል ምኽኣልን
- ባዕላዊ ዝኾነ ንጥፋታት ምክያድን ንገዛእ ርእስኻ ብሥራሕ ትሑዝ ምኧን (ማለት ሥራሕ ባዕልኻ ምፍጣርን)
- ማሕበራዊ ዓቕምታት ኣብ ምጉልባትን ምስ ካልኦት ሰባት ንዝህሉ ናይ ርክብ ክእለት ዝያዳ ምዕባይን
- ርእሰ-ምትእምማን ወይ ርእሰ-ተኣማማንነት ዝያድ ምምዕባል
- ሓደስቲ ውልቃዊ ክእለትን (ወይ ድማ ዝንባሌታትን) ብርትዐን ምፍታሽን፣ ዝያዳ ምምዕባሎምን

## ዕላማ፥ ምንቅስቓስን ማሕበራዊ ባህሪ ዝያዳ ምምዕባል ወይ ብምድንፋዕ

እዚ ነዚ ናይ ‚ፐሲይኽ-ሞቶር‘ ፍወሳ እዚ፣ ናይ ቆልዓ ኣካላዊ ምንቅስቓስን ግንዛቤን የማዕብል ወይ ድማ ዝያዳ ይውስኽ። ብተወሳኺ እውን፥ እቲ ቆልዓ ኣብ መዓልታዊ ሕይወቱ ዕውት ምእንቲ ክኸውን ዘኽእሎ፣ ማሕበራውን ስምዒታዊ (ማለት ናይ ስምዒት) ምዕባለ ከም ዘማዕብል ይሕግዝ።

ኣለይቲ ናይቲ ቆልዓ ከካ ኣብቲ ናይ ምኽሪ መደብ ብምጽንባርን ብምስታፍዝ፣ ነቲ ቆልዓ ብግቡእ ንምርድዳእን፣ ናይቲ ቆልዓ ፍሉያት ዝኾኑ ባህርያት ንምልላይን፣ ብግቡእ ዝኣልዩሉ ኣገባብ ይመሃሩን።



**Stiftung ptz**
Benzburweg 22
4410 Liestal
Tel. 061 926 63 00
sekretariat@ptz-bl.ch

ptz-bl.ch